25/02/2013

# <u>ህዝባዊ ሰሚናር ኣብ ቦሎኛ</u>

ሰንበት 24/02/2014 ኣብታ ታሪኻዊት ከተማ ቦሎኛ ኢጣልያ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ተኻይዱ። ኣብቲ ብኣማኢት ኤርትራዉያን ነበርቲ ከተማ ቦሎኛን ካብ ፓርማን ረጂዮ ኤሚልያን ዝመጽኡ ዝተኻፈልዎ ኣገዳሲ ሰሚናር: ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዘመደ ተኽለ ኣብዚ ዘለናዮ ቦታ ኮንና ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ን 17 ዓመታት: ኣብ ምሉእ ኤውሮጳ እንርከብ ኣርትራዉያን ዉድባዊ ጉባኤታትናን ፈስቲቫላትናን እነካይደሉ ዝነበርና ከተማ: ሎሚ ከኣ ከም ትማሊ ብሓባር ተኣኪብና ብጉዳይ ሃገርና ብሓባር ክንዝትን ክንመያየጥን ዝስማዓና ሓጎስ ወሰን የብሉን ድሕሪ ምባል : ንህሉው ፖሎቲካዉን ማሕበራዉን ቁጠባዉን ኩነታት ሃገርና ብሰፊሑ ብምብራህ: ሃገርና ኣብ ቁጠባን ልምዓትን በጺሓቶ ዘላ ግስጋሴን: መንግስቲ ኤርትራ ሓዲሽ ቁጠባዊ ወፍሪ ንልምዓት ሃገር ብዝብል : ዜጋታቱ ኣብ ብሕታዊ ክፋል ኣብ ወፍሪ ንኽካፈሉ ከፊትዎ ንዘሎ ዕድላት ዘርዚሩ ድሕሪ ምብራህ: ብዉልቅን ብጉጅለን ነዚ ዓቢ ዕድል ንኽጥቀምሉ ጸዊዑ። ቀጺሉ ንብሕታዉያን ኣውፈርትን ንነጋዶን ዘርብሕ ብኣዋጃትን ብሕግን ዝተሰነየ ዉሑስ ኣተሓሕዛ ዘለዎ: ብኹለን ሚኒስትራታት ዝቐረበ መምርሒታት ኣብ ፋይናንስ: ንግድን ኢንዱስትርን: ቱሪዝም: ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብእዊ ድሕነትን: ኣብ መሸጣ ብርከታት ናይ ኢንሹራንስን ኤሪተልን ብሰፊሑ ኣብሪሁ: ንኹሉ ዝቐረበሉ ሕቶታት ከኣ ኣዕጋቢ መልስታት ሂብሉ።

ኣብ መጨረሽታ ተኻፈልቲ ሓጎሶምን ዕግበቶምን ገሊጾም ከምዚ ዝስዕብ ዉሳኔታት የሕሊፎም።

1. ንሕና ኤሪትራዉያን ነበርቲ ቦሎኛን ከባቢኣን ወትሩ ከም ቀደምና ዓወት ንሓፋሽ እናበልና ኣብ ጎድኒ ህዝብናን መንግስትናን ህዝባዊ ሰራዊትናን ከም ዘለና ደጊምና ነረጋግጽ።
2. ሕድሪ ሰማእታትና ብምኽባር: ብሃገርናን ብህዝብናን መንግስትናን ንኽጣልዑ ንዝፍትኑ: ህዝባዊ ቤት ጽሕፈትናን ኤምባስታትናን ብዕሱባትን በጋሚንዶታትን ክድፈር ኣይነፍቅድን።
3. ንዝኾነ ዝመጽእ ተጻብኦታት ንምምካት: ኣብ ዝኾነ እዋን ድልዋት ከም ዘለና ነረጋግጽ።
4. ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ወሲድዎ ዘሎ ኣብ ሓሶት ዝተመርኮሰ ዘይፍታሓዊ እገዳ እናኾነንና: ቀልጢፉ ንኽልዕሎ ንጽዉዕ።
5. ኣብ ሃገርና ዘሎ ሰላምን ቅሳነትን እናተኣማመና ብናጽነትናን ሓርነትናን ንኾርዕ፣ ኣብቲ መንግስትና ቀሪብዎ ዘሎ ናይ ልምዓት ቁጠባዊ ወፍሪ ንምዕዋቱ ኣበርቲዕና ንሰርሕ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ህዝባዉን ኮማዉን ጉዳያት ኢጣልያ